**እንቋዕ ኣብረሀሎም!**

ማሽናት ተዋፊረን መንገዲ እንትሰርሓ፣
ኣብ ወፍሪ ውዒለን እንትኣትዋ ዘን ኣሓ፣
ድንቁርና ክጠፍእ ሽግ ትምህርቲ በሪሃ፣
ብዕድመ ንዝበፅሐ ክካፈል ተቓሊሓ፣
ናብ ኩሉ ክትባፃሕ ብዕሊ ተዘርጊሓ።
ከምኡ'ውን ብጥዒና ብዙሕ ተሰሪሑ፣
ኣብ ዞባ ዘይነበረ ኣብ ጣብያ'ኳ ፈሊሑ።
ኣብ ኩሉ መኣዝን ምህላዉ ረሲያም፣
እናተጠቐምሉ ጠሪሶም ክሒዶም።
ሓጋይ ምስ ክረምቲ ሸዊት እናበልዑ፣
ኣብ ዝኸድዎ ቦታ ከምድላዮም እናሰልዑ።
እዚ ኹሉ ውፅኢት ስራሕ ምርኣይ ኣብዩዎም፣
ተጠሊያም ነጊሮምና ንጣር ከምዘይብሎም።
ዝሓለፉ እዋናት ኣብ ፀልማት ምንባሮም፣
ምርኣይ ስኢኖም ብህማ ተኸዊሎም፣
ዋላ ፈጣጥ ኣዒንቲ እንተነበሮም፣
ምፍላይ ጥራሕ ዘይኮነስ ምርኣይ ስኢኖም፣
ኩሉ ሓሊፉ ፀገሞም ፋና ወፂኡሎም።
ምርኣይ ካብ ዝጀምሩ መበል 11 ወርሑም፣
ንነውፂ ለውጢ ኢሎም ምስጋና ጀሚሮም፣
ፀገም ህዝቢ ክሒዶም ኣብ ውልቀ ተንጠልጢሎም፣
እዚ ብርሃን እንተኾይኑ እንቋዕ ኣብርሀሎም።

ኃይለሥላሴ በየነ